ተንኮላት ወያነ ክሳብ መጨረሻ ግብኣተመሬቶም ዝበጽሕ ክንድህለል የብልናን።

ካብ 1976 ወያነ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ክውን ንምግባር ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራን ክፍጽሞ ዝጸንሐ ክሕደትን ተንኮልን ግፍዕን ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን።

1. ወያነ ምስ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሮም ዝምድና ስልታዊ እምበር እስትራተጅካዊ ኣይነበረን።

2. ህዝባዊ ግንባር ግን ንሓንቲ ዲሞክራስያዊት ኢትዮጵያ ክሓስብ እንብከሎ ወያነ ካብ ጸቢብ ኣተሓሳስባን ህንጥዩነትን ኣይወጸን ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር ካብ እስትራተጅካዊ መትከሉ ተበጊሱ ኣብ 1989 ንሓድነትን ጥርናፈን ኢትዮጵያ ብምሕሳብ ንዅለን ውድባት ኢትዮጵያ ኣብ ሓደ መኣዲ ኮፍ ኣቢልወን። በቲ ህዝባዊ ግንባር ዝሃቦም መምርሒ መሰረት ድማ ፍልልያቶም ኣወጊዶም ንሓንቲ ጥርንፍቲ ኢትዮጵያ ከም ዝቃለሱ ገይሩ።

3. ወያነ ክምስረት እንከሎ ሒዝዎ ዝተበገሰ ሕቡእ ኣጀንዳ፣ ትግራይ ትግርኚ ኢልካ ንኤርትራዊ ከበሳ ኣብ ትሕቲ ዓባይ ትግራይ ንምቕራን፣ ናይዚ ዕላማ ኸኣ ካብ ሕሱም ቅርሕንቲ፣ ጽልኢ፣ ነፍሰምትሓት፣ ተንኮልን ሕነ ምፍዳይን ዝብገስ እዩ።

4. ወያነ ብድሕሪ ኣብ ስልጣን ምድያቡ፣ ብኽልተ እግሩ እንዳ ረገጸ ምስከደ ግን በላዒ ምጻፉ ምኻን ከይተርፎ ወዮ ናይ ኣቦታቱ ንመን ንሃቦ ኮይኑ፣ ንኣምሓራ ኣቦታትና ብሃጸይ ምንሊክክን ሃጸይ ሃይለስላሰን ተረጊጾምን ተቐጥቂጦምን ተቐቲሎምን ተኣሲሮምን እንዳበለ ቀልጢፉ ኣብ ሕነ ምፍዳይ ተዋፊሩ።

ንኤርትራ ድማ ካብ ሕሱም ቅንእን ጽልእን ተንኮልን ተበጊሶም፣ ብጉልባብ ባድመ ኣሳቢቦም፣ ዝኾነሎም መሲልዎም ወዮ ዝሓለምዋ ዓባይ ትግራይ ምስ ወደባታ ኮፍ ንኸብልዋ ኣብ ዘይደሌናዮ ኲናት ሸሚሞሙና። ኮይኑ ግን መንግስቲ ኤርትራ ሕልሞም ሕልሚ ደርሆ ኮይኑ ጥራሕ ዘይኮነ ንሓዋሩውን ዳግም ኣማዕድዮም ከም ዘይርእይዋ ገይርዎም።

ካብ 1998 ኣትሒዞም ክሳብ ሎሚ ምስ እታ ዝኸድሙላ ኣመሪካ ኮይኖም ነቲ ብኲናት ስዒሮም ክረግጹና ዝሓሰብዎ ምኻን ምስ ኣበዮም ኣብ ልዕሌና ዘይተኣደነ ተንኮልን ውዲትን ጥልመትን፣ ማሕላን፣ ውርሻ ኣቦታቶም ከይተርፍ ሓንሳብ ብሰብኣዊ መሰላት፣ ብኣልሸባብ፣ ብግብረ ሽበራ፣ ሃዋኺት ቀርን ኣፍሪቃ፣ ምንዋሕ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ፍልሰት ደቂሰባት፣ ኮታስ እንታይ እሞ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራን ዘይተበሃለ። ብኹሉ ምስላጥ ምስኣበዮም፣ ፍሒሮም ፈሓሒሮም ኣብ ልዕሌና ማዕቀብ ንኽህሉ ገይሮም። ኣብ መጨረሻ ድማ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽንቀርብ ዘይፈጸምዎ ውዲትን ጸለምን የለን። ኮይኑ ግን ጉድጓድ ንፈሓሪኣ ከም ዝበሃል ጌዜ ይነውሕ፣ ዘይደተሌ ምስዋእቲ ይኽፈል እምበር፣ ውዒሉ ሓዲሩ ግን ሓቂ ሓቂ ምኻኑ ስለ ዘይተርፎ ንሕና ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮና ህዝቢ ኢትዮጵያውን እንተኾነ ደጊም ይኣክል መግዛእቲ ጃንዳ ወያነ ክብል በቒዑ ኣሎ።

ወያነ ኣብ ልዕሌና ዝፈጸምዎ በደል ነቲ ንጥፉኣትና ክንፍረድ ዝጠጀእዎ ጥጅእ ባዕሎም ጽዋኡ ሰትዮሞ። ሕጂውን እንተኾነ ሃሰስ ኢሎም ይኹነልና እዩ ዝብልዎ ሓሶት፣ ጠቐነ፣ ጸለመ፣ ከይደቀሱ ስለዘይሓድሩ ገመድ ንፈሓሲኣ ከም ዝበሃል ብኣኣ ተሸንቊቖም ክሳብ ዝሕነቑ ንሕና ኤርትራውያን ከም ወትሩ ሓያል ምስትውዓልን መኸተን ከም ቀደምና ኣብ ሓድነትና ከም ዓረ ተሪርና ክንቃለሶምን ዕጥቅና ሸጥ ከነብል ኣሎና።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን